# ጋዜጣዊ መግለጺ ኤርትራውያን ማሕበረሰብ ኣብ ሸወደን (ኤ.ማ.ሸ.)

እዘን ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘራ ኤርትራውያን ማሕበረኮማትን ውዳቤታትን ሸወደን፡ ብሓደ ልቢ ነዚ ዚስዕብ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣውጺአን ኣለዋ።

ባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ.፣ ነቲ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቅድሚ 10 ዓመት ዝወሰኖ ብይን ብምትግባር፡ ኣብ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ሰፊሩ ንዚርከብ ስርዓት፡ ወያነ ከምዚለቅቕ ኣስገዲዱ፡ ኣብ ዞባና ጸጥታ ከስፍን ምተገብኦ። ብኣንጻሩ ግን ኣብ ልዕሊ'ታ ብዓለምለኻዊ ውሳኔታት ተማእዚዛ እትኸይድ ኤርትራ፡ ጭብጢ ዘይብሉን ዘይሕጋውን ማዕቀብ ኣሕሊፉ፡ ነቲ ዞባ ናብ ዝኸፍአ ሕንፍሽፍሽ ኪሸሞ ደልዩ'ሎ።
ስለዚ ድማ፡

1. መንግስቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ሶማል ከምዘይሓገዘን፡ ዋላ ስድሪ ትኹን መሬት ጂቡቲ ከምዘይረገጸን ብወግዒ እናገለጸን፡ ባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ. ብድፍኢት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፣ ሕጋውነትን ጭብጥን ዘይብሉ ዘይፍትሓውን ዘይቅቡልን ውሳኔ ኣሕሊፉ'ሎ። ስለዚ ነዚ ከም መቐጸልታ ናይቲ፡ ንዝሓለፈ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣንጻር ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ኪግበር ዝጸንሐ ናይ ተጻብኦታትን ሸርሕታትን መርኣያ ዝኾነ ውሳኔ፡ ኣትሪርና ብምኹናን ንነጽጎ።

2. ኵለን ኣብ መላእ ዓለም ዚርከባ ኤርትራውያን ማሕበረኮማትን፡ ካልኦት ደለይቲ ሓቅን ፍትሕን ዚኾና ኣባላት ማሕበረኮም ዓለምን መሓዙት ኤርትራን ድማ ፣ ነዚ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ ኣትሪረን ኪኹንናኦን ኪነጽጋኦን ጻውዒትና ነቕርብ።

3. መንግስቲ ኤርትራ ብወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዘካይዶ ንዘሎ ቅያታት ዳግመ ህንጻ ብልቢ እናኣሞጐስና ድማ፡ ሎሚ'ውን ከምቀደምና ኣብ ጐኒ ህዝብናን ሓይልታት ምክልኻልናን መንግስትናን ብምዃን ንኹሉ ድሉዋት ከምዘሎና ነረጋግጽ።

ነዚ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዓሚጹ፡ ነቲ እንኽተሎ ዘለና ጐደና ምዕባለ ንምዕንቃጽ ዝዓለመ ተጻብኦ፡ ከምቲ ው.ሕ.ሃ. ብ1952 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝፈጸሞ ቀዳማይ ዘሕፍር ታሪኻዊ በደል፡ ብሓድነት ጸኒዕና ዝበዳህናዮ፤ ነዚ ሕጂ ኣብ 2009 ዳግማይ ዝፈጸሞ ዘሕንኽ በደል'ውን፡ ዓጸፌታ ናህሪ ወሲኽና ክንብድሆ ምዃንናን፡ ንቐጻሊ ተጻብኦታት ቀጻሊ መኸተ ከነካይድ ድልዋት ከምዘሎናን ዳግም ነረጋግጽ።

ንኤርትራን ህዝባን ከተንበርክኽ ከምዘይከኣል ታሪኽና ዝመስክሮ ሓቂ'ዩ። ሕጂ ዳግማይ ከተንበርክኾም ምፍታን ከኣ ከንቱ ጻዕሪ ጥራይ ኢዩ።

መኸተና መኸተ ሓቂ'ዩ! ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና! ዓወት ንሓፋሽ !

ማሕበረኮም ዞባ ሁስቢ ሺስታ፡ ሶልና ሪንኪቢ፣ ቴንስታ/ዩልስታ፡ ሱንድቢባሪ፡ ናካ፡ ቨሊንግቢ፣ ደቡባዊ ምዕራብ፡ ደቡብ፤ ከምኡ'ውን ማሕበር ስንኩላን፡ መሓዙት ሳዋ፡ ሸወደናዊ ኤርትራዊ ሶሻል ዲሞክራስያዊ ሳምፉንደት፡ ህ.ማ.ደ.ኤ፡ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ፡ ጊጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ.፣ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ.፣ ሸወደን ብሓበራ።